
# ባሕቲ መስከረም 1961

# ቁልዒ ዕጥቃዊ ቃልሲ ናብ ደምሳሲ እሳተ-ጕመራ ይስጋገር



ስዉእ ተጋዳላይ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ

ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

**ሱርን መሰረትን መጕታዊ መቀሚን ዘለዎ ቁልዒ ናብ ባርዕ ክልወጥ ግድን እዩ። እንተኾነ ግን ቁልዒ ሰውራ ኤርትራ ንምጥፋእ ብክልቲኡ ናይ ምዕራብን ምብራቕን ደምበታት ኣሜሪካን ሶቬት ሕብረትን ስዓብቶምን ዝድገፍ ኩሉ ዓይነታት ዘመናዊ ኣጽዋር እንኮላይ ብኣህጉራዊ ሕጊ ዝተኸልከለ ብመሬት፡ ኣየርን ባሕሪን ዝተጠቕመ ኣብ ኣፍሪቃ ዝሓየለ ሰራዊት ናብ ናይ ህልውና ኩናት ዝድምሰሰ እሳተ-ጕመራ ክልወጥ ግድን ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ነቶም "ዝተረሰዐ ሰውራ" እንሓንሳብ ድማ "ዝኸሰረ ሰውራ" እናበሉ ክድምሰስ'ዩ ኢሎም ዝዛረቡ ዝነበሩ ተዓዘብቲ ሃንደበትን ዘደንጹን ዝኾኖም፡ ዓቢ ብድሆታትን ንህላወኡ ዘስግእ ሓድሽ ስግኣታትን ኣብ ዘጋጥሞ እዋን ዝያዳ እናሓየለን እናሰፍሐን ምኻዱ እዩ። እሞ እቲ ምስጢር እንታይ'ዩ? እቲ ሓቂ ምስጢር ዝበሃል የለን። ነቲ ታሪኻዊ ሓቂ ኣብ ግምት ዘይምእታዎም'ዩ። ነዚ ሓቂ'ዚ ኸኣ፡ ሓደ ለይቲ ስዉእ ተጋዳላይ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ነቶም ካብ ኣጻብዕቲ ሓንቲ ኢድ ዘይበዝሑ ብጾቱ ቀዳሞት ሓርበኛታት ገሊጹሎም ነይሩ። ብርቱዕ ቁሪ ኣብ ዝነበረሉ ሓዊ ኣጕዱ፡ ነቶም ተጋደልቲ ብንፋስ ከይጠፍእ ከኽብብዎ ሓበሮም። ነቲ ዝነበረ ኣጋጣሚን ትርኢትን ተጠቒሙ ድማ፡ ብዙሕ ትርጉም ዘለዎ ጠቓሚ ትምህርቲ ብምቕራብ ሰውራ ኤርትራ ከምዛ ከቢብናያ ዘሎና ቁልዒ ምዃኑ ብምሕባር፡ ንኽድልድል ካብ ጸላእቲ ክንሕልዎን ሰሚርና ከነኽብቦን ከም ዘሎና ገሊጹሎም። እዚ ናይ ሓምድ ዓዋተ ቃል'ዚ ብርክት ዝበሉ ቀዳሞት ሓርበኛታት ድሕሪ ገለ መዓልታት ረፈረንደም 1993 ምእዋጅ ናጻን ሉኣላዊትን ኤርትራን ኣብ ኣስመራ ሆቴል ኻርቱም ምስ ተራኸብኩዎም ገሊጾሙለይ ነይሮም።**

መጐታዊ መቆሚ ዋላ እንተ ሃለዎ፡ ነፍሲ ወከፍ ቁልዒ ናይ ግድን ኣይኮነን ናብ እሳተ-ጉመራ ክልወጥ። ከምኡ’ውን ነፍሲ ወከፍ ዘርኢ ናብ ሸዊት ኣይበጽሕን እዩ። ብዙሓት ፈላስፋታት ከም ሄሪገሊጥስ ኣብ 500 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ፡ ኣርስጦ ኣብ 300 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስን ካልኦትን ነዚ ዝተማልአ ክለሳ ሓሳባዊ ፍልስፍና ዘቆመ ስነ-ሞጉት’ዚ ብዕምቆት ተኻቲያምሉ እዮም።

እዚ ንሕና ንዛረበሉ ዘሎና ብውሑዳት ናይ ጥልያን ኣረጊት ብረት ዝዓጠቁ ተጋደልቲ ዝጀመረ ቁልዒ ባሕቲ መስከረም፡ ናብ ብኹሉ ዓይነት ህዝባዊ ደገፍ ዝሕገዝ ዕጥቃዊ ሰውራ ክሰጋገር፡ ጅግንነታውን ወተሃደራዊ ተኣምርን ክፍጽም፡ ኩሉ ዓይነት ኣጽዋር ከም መዳፍዓት፡ ስታሊን ኦርጋን፡ ዝተፈላለያ ዓይነት ታንኪታት፡ ድሩዓት መካይን፡ ከበድቲ ኣጽዋር፡ ሓይሊ ባሕሪ፡ ቦጦሎኒታት፡ ብርጌዳት፡ ኣሃዱታት ሃንደሳ፡ ናይ ፈዳይን ኣሃዱታት፡ ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ዝሰርሓ ወተሃደራዊ ኣሃዱታት፡ ናይ ወተሃደራዊ ስለያን ጸጥታን ክፍልታት፡ ሬድዮን ሓፋሽ ውድባትን ናይ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ቍጠባዊ፡ ጥዕናውን ትምህርታውን ክፍልታት ወዘተ ዝተዓጥቐ ዓርሞሸሽ ውድብ ከመይ ኢሉ ተሰጋገሩ!? ህዝቢ ንሰውራኡ ደጊፉ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ምስ ሰውራኡ’ዩ ተሓዋዊሱ። እዚ ኸኣ ቅድሚ ፈታዊ ጸላኢ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ስለዚ ከኣ መራሒ ናይ’ቲ ስርዓት ኢትዮጵያዊ መስፍናዊ ሃይለ ስላሰ፡ “ዓሳ ንምቅታል ግድን ባሕሪ ምድራቕ” ማለት ሰውራ ኤርትራ ንምድምሳስ ናይ ግድን ህዝቢ ኤርትራ ብናይ ዝባደመ መሬት ፖሊሲ ክጸንት ኣለዎ ክብል ተዛሪቡ እዩ። በዚ መዳይ’ዚ እቲ ዘገድሰና፡ ውህደት ሰውራን ህዝብን ሓድሽን ኣድማዒን ዳይናሚክ ምፍጣሩ፡ ሓይሊ ሚዛን ክልወጥን ንክላሲካዊ ወተሃደራዊ ሕሳባት ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ክልውጥን ክኢሉ እዩ። ከም ውጽኢቱ ኸኣ ሰውራ ኤርትራ ደረጃ ብደረጃ ዓድታትን ከተማታትን ሓራ ብምውጻእ፡ ኣብ መጨረሽታ ከኣ ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ሓንሳብን ንሓዋሩን ሱሩ ብምብንቋስ፡ ናጽነት ኣበሲሩ።

ኣብዚ ዝለዓል ሕቶ፡ ቅድሚ 64 ዓመት ቁልዒ ሰውራ ዝተበገሰሉ ባህሪ ናይ’ቲ ባይታ ከመይ ነይሩ? ዝብል እዩ። ባህሪ ናይ’ቲ ባይታ፡ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባውን ማሕበራውን ዕምቆት ዘለዎ እዩ። ሱሩ ካብ’ቲ ኣህጉራዊ ዶብ ኤርትራ ምስ ሱዳን፡ ኢትዮጵያን ጂቡቲን ኣብ መጨረሽታ 19ን መጀመርታ 20ን ክፍለ ዘመን ዝሰኣለ ዘመነ መግዛእቲ ኢጣልያ’ዩ ዝብገስ። መግዛእቲ ጥልያን ኣብ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ሓውሲ መስፍናዊ ስርዓት፡ ሓውሲ ርእሰ ማላዊ ቍጠባዊ ስርዓት ከተኣታቱ ከሎ፡ ዘመናዊ መጓዓዝያ፡ መራኸቢታትን ብቅጥራን ዝተለበጠ ጽርግያን ሃኒጹ። ኩሉ ዝኸፍአ ዓይነታት ዓሌትነት ተጠቒሙ። ኣምኣት ኣሽሓት ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ’ቲ ኣንጻር ኢትዮጵያ፡ ሊብያን ሶማልን ዘካዩዶ ዝነበረ መግዛእታዊ ውግኣቱን ኣብ’ቲ ብስዕረት ፋሽስቲ ኢጣልያን ናዚስቲ ጀርመንን ዝተደምደመ ካልኣይ ኩናት ዓለም ኣንጻር ሰራዊት ኪዳን ሓይልታት ዘካየዶ ውግኣትን ሸሚሙዎም። ድምር ናይ’ዚ

ንልዕሊ ፍርቂ ዘመን ዝቀጸለ ታሪኻዊ መሰርሕ፡ መሰረት ናይ'ዚ ትሸዓተ ማሕበራዊ ቀጻላታት ዘቆመ ኣብ ክሊ ሃገራዊ ሓድነት ፈለግ ኤርትራዊ መንነት ዝቀረጸ ጉዑዞ ኤርትራዊ መንነት ኣቀሙ እዩ። ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ህዝቢ ኤርትራ ብመሰረት'ቲ ብሪጣንያ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ንሰራዊት ኪዳን ሓይልታት ዝዋጋእ ዝነበረ ሰራዊት ኢጣልያ እንተ ድኣ ገዲፍኩምዎ ናጽነት ክህበኩም`የ ብምባል ዝኣተወቶ ቃል፡ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ክጥቀም ተስፋ ገይሩ ነይሩ። እንተኾነ ግን እቲ ድሕሪ ስዕረት ኢጣልያ ንኤርትራ ዝተቆጻጸረ ምምሕዳር ብሪጣንያ ንዝኣተዎ ቃል ጠሊሙ። ብኣንጻሩ'ኳ ድኣ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ንኸይረክብ ይሰርሕ ነይሩ። ኣብ ኤርትራ ፖለቲካዊ ፍንውነት ንምፍጣር ይሰርሕ ነይሩ። ብመገዲ ግብረሸበራዊ ጉጅለታት ጸጥታን ሰላምን ርግኣትን ኤርትራ ንምዝራግ ከኣ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ተወሃሂዱ ይሰርሕ ነይሩ። እቲ ዕላማ ኸኣ እታ ሃገር ኣብ ውሽጣ ናይ ሓባር ረጃሒን ርግኣትን ስለዘይብላ ንበይና ምግዳፉ ዝከኣል ኣይኮነን ንምባል እዩ። ቁጠባ ኤርትራ ንምዕናው ከኣ ክሰርሕ ጀሚሩ። ኣብ 1948 ጥራሕ 637 ኩባንያታት ዓጽዩወን። ንቁጠባዊ ትሕተ ቅርጺን ህንጻታትን ኣዕንዩ። ኤርትራ ናጻ ሃገር ክትከውን ዝብቅዓ ቁጠባዊ ዓቕሚ የብላን ዝብል ናይ ሓሶት መጸዋዕታታት ቅቡል ንምግባር ከኣ ናይ ቁጠባዊ ትካላት መሳርሒታትን ማሽናትን ሸይጡዎ። ቀጺሉ ከኣ ብመሰረት'ቲ ብ1949 ብሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ብሪጣንያ ኣርነስት ቢፈንን መዘናኡ ኢጣልያዊ ካርሎ ስፎሩዛን ዝተዳለወ ፕሮጀክት ብሪጣንያን ኢጣልያን ንኤርትራ ናብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ንምምቃል እዩ። እንተኾነ ግን እዚ ፕሮጀክት'ዚ ኤርትራውያን ብዘካየድዎ ሓያል መኸተ ኣብ እዋኑ ፈሺሉ። ከም ኩለን ግዝኣታት ኢጣልያ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ሊብያን ሶማልን ሕጋዊ ርእሰ-ውሳነ መሰሎም ክጥቀሙ ብትሪ ሓቲቶም። ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝተበከለ ፖለቲካዊ ሃዋህው ጉዳይ መጻኢ ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቀሪቡ። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብወገኑ፡ ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ንምፍላጥ ዝሰርሕ ልኡኽ ናብ ኤርትራ ሰዲዱ። እንተኾነ ግን እቲ ልኡኽ ኣብ ናይ ሓባር ርእይቶ ክበጽሕ ኣይከኣለን። ምምሕዳር ኣሜሪካ ኣብ እዋን ፕረዚደንት ሃሪ ትሩማን፡ ነቲ ኩነታት ብምምዝማዝ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ውንስቶን ቸርችልን ኣሕዋት ጆን ፎስተር ዳላስ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይን ኣለን ዳላስ ሓላፊ ወኪል ማእከል ስለያ ኣሜሪካን (CIA) ኣማኻሪ ሃይለ ስላሰ ኣሜሪካዊ ጆን ስበንሰርን ብምውህሃድ ብኩሉ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራውን ቁጠባውን ክብደቱ ኣብ'ቲ ጉዳይ ብምእታው፡ ከም ማእከላይ ፍታሕ ኣብ መንጎ ምምቃልን ናጽነትን ፈደራላዊ ሕብረት ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክቐውም ደፊኡ። እቲ ምኽንያት ከኣ "ናጽነት ኤርትራ ንእስትራተጂያዊ ረብሓ ኣሜሪካ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕሪን ኣየገልግልን እዩ። ኢትዮጵያ ግን እስትራተጂያዊ ረብሓ ኣሜሪካ ተገልግል'ያ" ዝብል ነይሩ። በዚ ኣገባብ'ዚ ኸኣ ውሳነ ፈደራላዊ ሕብረት ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ 1950 ጸዲቑ። ኣብ 1952 ከኣ ኣብ ትግባረ ኣትዩ።

እዚ ኣንጻር ርእሰ ውሳነ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ዝተኻየደ ዓቢ ታሪኻውን ፖለቲካውን ውዲት፡ ኣብ ኤርትራ ብብሪጣንያ ዝተፈጸመ ኣዕናውን ውዲታውን ፖሊስታትን፡ ነቶም “ኣይንፈላለን” ኣብ ትሕተ ዝብል ጭርሖ መጻኢ ብድሆታት ብሓባር ንምምካት ሓድነት መሳርያም ንምሕያልን ፖለቲካዊ ንቕሓት ዜጋታት ንምብራኽን ዝሰርሑ ዝነበሩ ሃገራውያን ፖለቲካውያን ሓይልታት ናይ ህላወ ብድሆ ነይሩ። ፈደራላዊ ሕብረት ናይ መጨረሽታ ዘይኮነስ፡ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ሓድሽ ፖለቲካዊ መድረኽ ምዃኑ ሃገራውያን ሓይልታት ኤርትራ ጽቡቕ ገይሮም ይፈልጡ እዮም። ኣብ መንጐ ክልቲኦን ሃገራት ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ፈደራላዊ ሓድነት ቅድሚ ምሕላፉን ድሕሪኡን ሃገራውያን ሓይልታት ኤርትራ ንበይኖም ኣብ ሜዳ ኣይነበሩን። የግዳስ ብዋጋ ሃገራዊ ረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ንጸቢብ ውልቃዊ ረብሓታቶም ዝሰርሑ ዘይሃገራውያን ሓይልታት ነይሮም እዮም። መንግስቲ ኢትዮጵያ ብወገኑ፡ ንሃገራውያን ሓይልታት ኤርትራ ንምምካትን ምሕቃቕን ብሓደ ወገን፡ ንኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ፍጹም ንምጽንባርን ድማ በቲ ካልእ፡ ነዞም ዘይሃገራውያን ባእታታት ይጥቀመሎም ነይሩ። ውዲት ፈደራላዊ ሓድነት ምስ ተወሰነ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ነቲ ጽሓፊ ሰልፊ ሕብረት ዝነበረ ተድላ ባይሩ ፕረዚደንት መንግስቲ ኤርትራ ክኸውን'ዩ ሰሪሑ። እቶም ቀንዲ ምስ ኢትዮጵያ ሕብረት ዝጠልቡ ዝነበሩ ኤርትራውያን ውልቀ-ሰባት ዝኸፍኡ ጸላእቲ ሃገራውያን መራሕቲ ኤርትራ እዮም ነይሮም። ሓደ ካብ ሃገራውያን መራሕቲ ወልድኣብ ወልደማርያም ምስ ካልኦት ሃገራውያን መራሕቲ ኤርትራ ከም ኢብራሂም ሱልጣን ዓሊን ኣብ 1949 ድምጺ ህዝቢ ኣርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንምስማዕ ዝዳሎ ዝነበረ ዓብደልቓድር ከቢረ ብሰበ-ስልጣን ኢትዮጵያን ኤርትራውያን ሃሱሳትን ዝተቀትለን ንፈደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ስለዝተቃወመን ንናጽነት ኤርትራ ስለዝሓተተን ሸውዓተ ግዜ ናይ ቅትለት ፈተነ ተኻዪድሉ። ኣብ 1949 ብውዲት ዝተቀትለ ሓርበኛ ዓብደልቓድር ከቢረ፡ ነቶም ኣብ'ቲ ዝተሓላለኸን ጽንኩርን ኩነታት ታሪኽ ኤርትራ ጅግንነታዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ዘካይዱ ዝነበሩ ሃገራውያን ሓይልታት ኤርትራ ወኪሉ'ዩ ዝኸይድ ነይሩ። እቲ ሽዑ ዝነበረ መድረኽ ሓደገኛን ዝተሓላለኸን ሓድሽ መቀይሮ እኳ እንተ ነበረ፡ ኣብ መጨረሽታ ግን ናብ ሓርነትን ናጽነትን ታሪኻዊ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ጉዑዞኡ'ዩ ቀጺሉ።

ፈደራላዊ ሕብረት ኣብ ዝተተግበረሉ ድሕሪ ሓጺር ግዜ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ብዋጋ ትሕዝቶን መንፈስን ፈደራላዊ ውሳነ ስልጣን መንግስቲ ኤርትራ ከጉድልን ንኤርትራ ንምቁጽጻር ዘኽእሎ ስልጣኑ ንምሕያልን ክሰርሕ ጀሚሩ። ሃገራውያን ሓይልታት ኤርትራ ብወገኖም፡ ንፖሊሲ ኢትዮጵያ ንምቁዋምን ኣብ ክሊ ፈደራላዊ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ንዝተፈልየ ኣካል ኢትዮጵያ ዘይኮነ ኤርትራዊ መንነት ዘውሕስ ፈደረሽን ንምዕቃብን ሓያል ጻዕሪ ኣካዪዶም። ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ካብ ትግባረ

*ፌደረሽን ማለት ኣብ 1955 ተድላ ባይርኡ ኢትዮጵያ ከምዝተጠቕመትሉን ተራኡ ከም ዘብቕዐን ተረዲኡ። ኣብ ክንድኡ ብዘይ ሕቶን መልስን ንትእዛዝ ኢትዮጵያ ዝትግብርን ተንኮለኛ ፖለቲካዊ ውዲት ዝፍጽምን ምእዙዝ ዘይሃገራዊ ኤርትራዊ ፖለቲከኛ ኣስፍሃ ወልደሚካኤል ተመዚዙ። ኣብ 1962 ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ፍጹም ከም እትሕወስ ተገይሩ። እቲ ኣገዳሲ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዕቑድን ፈርቓን ካብ ዕድመ ፌደራላዊ ሕብረት ሃገራዊ ንቕሓት ኤርትራ ክሰርሕ ጀሚሩ። እዚ ኸኣ በቲ ምንቅስቓስ ሰራሕተኛታት ኤርትራ ኣብ ኣስመራ፡ ምጽዋዕን ዓሰብን ዘካየድዎ ናይ ተቓውሞ ኣድማታት ጉሊሑ ተራእዩ። ብዙሓት ካብ መሰረታት ሰልፊ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያን መራሕቱን ገዲፎምዎ። መስርሕ ናብ ሃገራውያን ሓይልታት ኤርትራ ምጽንባር ጀሚሩ። ገለ ካብኦም ንምጥቃስ፡ ጽሓፊ ሰልፊ ሕብረትን ቀዳማይ ፕረዚደንት ፌደራላዊ መንግስቲ ኤርትራን ተድላ ባይርኡ ኣብ 1967 ካብ ኤርትራ ብምውጻእ፡ ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተጸንቢሩ። ናብ'ቲ ወልደኣብ ወልደማርያም ዝርከቦ ኣንጻር መሬትን ህዝብን ኤርትራ ንዝካየድ ፖለቲካዊ ውዲታት ኢትዮጵያ ብምምካቱ ከም ጸላኢ ዝጥምቶ ዝነበረ ሃገራዊ መስርዕ ተሓዊሱ። እዚ ድማ ብዙሕ ትርጉም ኣለዎ።*

*ንተቓውሞ ህዝቢ ኤርትራ ዝውድብ ፖለቲካዊ ውድብ ንኽውለድ ኸኣ እቲ ወድዓዊ ኩነታት በሲሉ። ስለዚ ኸኣ ብመሪሕነት ሃገራዊ ሓርበኛ መሓመድ ስዒድ ናውድ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ኣብ 1958 ተወሊዱ። ናይ ብሓቂ ኸኣ እዚ ኣብ ዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራ ወሳኒ እዩ። ኣብ መላእ ሃገርን ኣብ ወጻኢን ንኤርትራውያን በብሸውዓተ ወዲቡ። እንተኾነ ግን ብወድዓዊ ምኽንያታት፡ ነቲ ካብ ፖለቲካዊ፡ ጸጥታዊ፡ ቍጠባውን ማሕበራውን ኩነታት ዝተፈጥረ ህዝባዊ ቁጥዐ ክስዕቦ ኣይከኣለን። ምኽንያቱ መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ካብ ሃገራዊ ሜዳ ርሒቑ ስለዝነበረ። ነቲ ርኡይን ብውሽጢን ዝካየድ ምዕባለታት'ውን በቲ ዝቀርበሉ ጸብጻባት እንተ ዘይኮይኑ፡ ብኣካል ይከታተሎ ኣይነበረን። በዚ ኸኣ ንክውንነት'ታ ሃገር ብቀዳምነት ኣብ ምንባብ ድሒሩ ከምዝነበረ የረድኣና። እቲ መሪሕነት በቶም ኣብቲ ዝፈረሰ ፌደራላዊ ስርዓት ዝነበሩ ብውሽጢ ዝወደቦም ፖሊስ ገይሩ ወተሃደራዊ ዕልዋ ብምክያድ ስልጣን ክቆጻጸር ዝብል ሓሳብ'ዩ ነይሩዎ። ኣብ ውሽጢ'ቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝካየድ ዝነበረ ቁልጡፍ ምዕባለታት፡ ገለ ኣገደስቲ ኤርትራውያን ውልቀ-ሰባት ኣብ ምስሪ ናብ ኣቦ መንበር ፓርላማ ኤርትራ ዝነበረ ኣቶ እድሪስ መሓመድ ኣድም ክጥምቱ ጀሚሮም። ንሓዊ ብሓዊ፡ ንሓጺን ብሓጺን ንምምካት ዝጠልብ ኣብ ውሽጢ ኣእምሮ ኤርትራውያን ዘሎ ሓሳባትን ድሌትን ንምምላስ ከኣ ኣብ 1960 ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ምስሪ ተመስሪታ። ድሕሪ ዓመትን ፈረቓን ብፍላይ ከኣ ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ቁልዒ ዕጥቃዊ ቃልሲ ሰውራ ኤርትራ ብመሪሕነት ስዉእ ሓምድ እድሪስ ዓዋተን ብጾቱን ተወሊዑ። በዚ ኸኣ ዝሓለፈ ታሪኻዊ መድረኽ ምስ ኩሉ*

እወታውን ኣሉታውን ምዕባለታቱ ከም ዝተዓጸወ፣ ናጻ ርእሰ-ውሳነ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ዘረጋግጽ ዓንዲ ሕቖ ፖለቲካዊ ቃልሲ ዝኾነ ወተሃደራዊ ዕጥቃዊ መድረኽ ከም ዝተጀመረ ኣበሲሩ። ተመኩሮ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ቃልሲ ኤርትራ ኣብ ቀዳማይ መድረኹ፣ ብሰንኪ ጌጋታት ፖለቲካውን ወተሃደራውን መሪሕነት ዕንቅፋታት`ኳ እንተ ኣጋጠሞ ሰፊሕ ህዝባዊ ደገፍ ዝነበሮ ቁልዒ ሰውራ ኤርትራ ንዓልመት ማሕበረሰብ ኤርትራ ብምብራዕ ሓያል ሃልሃልታ ስለዝፈጠረ፣ መስፍናዊ መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ናይ ኣሜሪካን እስራኤልን ሓገዝ ክሓትት ተገዲዱ።

ሰውራ ኤርትራ ግን ኣብ'ቲ ጽንኩር መድረኽ፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ናይ ዝባደመ መሬት ፖሊሲ ብምኽታል ዜጋታት ከጽንት፣ ዓድታት ክንድድ፣ እንስሳታት ክቀትል፣ ናይ ማይ ዒላታት ክስምም ምስ ጀመረ'ውን እንተኾነ ፍጹም ንድሕሪት ኣይተመልሰን። ብኣንጻር ናይ'ቲ ፖለቲካዊ መሪሕነት ኢትዮጵያ ዝተጸበዮ ናይ ዝባደመ መሬት ፖሊሲ ውጽኢት፣ እቶም ምስ ሰውራ ኤርትራ ዘይዋሰኡ ዝነበሩ ገለ ክፋል ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣንጻር መግዛእቲ ኣብ ምልዕዓል ዓቢ ተራ ተጻዊቱ እዩ። ከም ውጽኢቱ ኸኣ ኣብ መሳርዕ ሰውራ ዝስለፉ ቁጽሪ መንእሰያት እናዛየደ ከይዱ። ኣብ ውሽጢ ከተማታት ኤርትራን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያን ዝቃለሱ'ውን በዚሖም። እዚ ኩሉ ረቛሒታት፣ ምስ ኩሉ ወድዓውን ባዕላውን ዕንቅፋታት፣ ሰውራ ኤርትራ መሰርሕ ሓድሽ ታሪኽ ሒዙ ጉዑዞኡ ክቅጽል ክኢሉ። ኣብ 1967 ኣብ መሰርሕ ሰውራ ምንቅስቓስ ምእራም (እስላሕ) ተወሊዱ። ኣብ 1968 ከኣ ኣብ ጉባኤ ዓንሰባ ሰለስተ ክፍልታት (ሳልሰይቲ፣ ራብዓይቲን ሓሙሸይቲን) ሰሚረን። ኣብ 1969 ከኣ ናይ ሓሙሽቲኣን ወተሃደራዊ ክፍልታት ኤርትራ ምሉእ ሓድነት ንምርግጋጽ ጉባኤ ኣዶብሓ ተኻዪዱ። እንተኾነ ግን ዘይሃገራዊ ሕሳባት ንፖለቲካውን ወተሃደራውን መራሕቲ ስለዝሸፈኖም፣ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ሓድሽ ሽግር ተሸሚሙ። ከም ውጽኢቱ ኸኣ ኣብ 1970 ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኣብ ስድሖ-ዒላ ተወሊዱ። ሓርነት መሬትን ህዝብን ዝብል ጭርሖ ብምሓዝ ከኣ መስርሕ ሰውራ ሓድሽ ኣገባብ ተኸቲሉ። ወተሃደራውን ፖለቲካውን ጉዑዞኡ ፍጹም ቀሊል ኣይነበረን። ካብ ዝሓለፈ መድረኻት ዝተወርሰ ኣብ ውሽጢ፣ ሰለስቲኡ ክንፈታቱ ብውሽጣዊ ግርጭታት ይባላዕ ነይሩ። እንተኾነ ግን ንኩሉ'ቲ ዕንቅፋታት ሰጊሩዎ። ንመብዛሕትኡ ሽግራት'ውን ሓሊፉዎ። ነቲ መሳርዑ ከየስመረ እንከሎ ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዘጋጠሞ ናይ ምቅንጻል ወፍሪ ብምምካት፣ ኣብ 1977 ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ብምክያድ ፖለቲካዊ ውጥኑን ወተሃደራዊ እስትረተጂኡን ሰኢሉ። ከምኡ ኸኣ ምላድ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣዊጁ።

ሰውራ ኤርትራ ምስ ኩሉ ውሽጣዊ ብድሆታቱ ኣብ ልዕሊ መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዓወታት ብምምዝጋብ፣ ኣብ 1974 ንመስፍናዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ ምውዳቕ ኣገዳሲ ተራ ተጻዊቱ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ኣብ ሜዳ ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ

ባዶሽ ስለዝነበረ ግን፡ ሰራዊት ስልጣን ኣዲስ ኣበባ ክቆጻጸር ዕድል ረኺቡ። ኣብ ትሕቲ ማርክሳውን ለኒናውን ሽፋን ከኣ ምልካዊ ወተሃደራዊ ስርዓት "ድርግ" ኣስገዲዱ። ከም ውጽኢቱ ኸኣ ካብ ሶቬት ሕብረት ነበርን ኣሰራ ዝስዕባ ሃገራትን ከም ምብራቕ ጀርመን ነበርን ደቡብ የመን ነበርን ኩባን ገዚፍ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማስያዊ፡ ወተሃደራውን ፋይናንሳውን ሓገዛት ክረክብ ክኢሉ። ደርግ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ ቀይሕ ራዕዲ ፖሊሲ'ዩ ተግቢሩ። ሰውራ ኤርትራ ብወገኑ፡ ዓበይቲ ወተሃደራዊ ዓወታት ብምርግጋጽ፡ ንዋና ከተማ ኤርትራ ኣስመራ ኣብ ከበባ ኣእትዩዋ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ደርግ መሰል ርእሰ-ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ንምጭዋይ ንጉዳይ ኤርትራ ከም ደርባዊ ሕቶ ገይሩ ክቅርቦ ዝገበሮ ፈተነ ምስ ፈሸሎ፡ ከምቲ ዝበሎ ባርዕ ሰውራ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምጥፋእ ብሓገዝ ሞስኮን ሰዓብታ ሃገራት ምብራቕን ካብ 1978 ክሳብ 1986 ዓሰርተ ተኸታተልቲ ወተሃደራዊ ወራራት ቅድሚ ምክያዱ፡ ኣሸሓት መንእሰያት ኤርትራ ኣብ መሳርዕ ሰውራ ተሰሊፎም።

ኣብ መደምደምታ ብምብራቓዊ ደምበ ነበር ዝሕገዝ ወተሃደራዊ ወራራት ኢትዮጵያ ዕላማታቱ ኣብ ምርግጋጽ ፈሺሉ ጥራሕ ዘይኮነ፡ መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ኩሉ ፖለቲካውን ወተሃደራውን መዳያት ዝሕፍር ስዕረት'ዩ ተሰኪሙ። ሰውራ ኤርትራ ንመላእ መሬት ኤርትራ ሓራ ኣውጺኡዎ። በዚ ጥራሕ ከይተወሰነ'ውን ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ተጻዒኑ ዝነበረ ስርዓት ደርግ ካብ ሱሩ'ዩ በንቍሱዎ። እቲ ብናይ ሓሶት ፈኸራታትን ኣደናጋሪ ጭርሖታትን ዝግዕር ዝነበረ መራሒኦም'ውን ነቶም ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ታሪኻዊ ግፍዒታትን ገበናትን ዝፍጽሙ ዝነበሩ ጭፍራኡ ጠንጢኑ ናብ ዝንባብወ'ዩ ሃዲሙ።

እዚ ሓደ ካብ'ቲ ቀንዴል ባሕቲ መስከረም ኣብ ውሽጢ 30 ዓመታት ካብ 1961 ክሳብ 1991 ከመይ ገይሩ ናብ ደምሳሲ እሳተ-ጉመራ ተለዊጡ ንመግዛእታዊ ስርዓት ካብ ኤርትራ ከም ዝመሓዎን ንምልካዊ ስርዓት ደርግ ካብ ኢትዮጵያ ከም ዝጸረጎን ዝሕብር ምዕራፍ እዩ።

26 ነሓሰ 2025